## ንኻልእ ዘድልዩኒ ነገራት ደገፍ ክረክብ ይኽእል ዶ፧

ካልኦት እውን ዝተፈላለዩ ኣድላይነት፡ መሰላትን ንዕኡ ዝኾኑ ናይ ደገፍ ኣማራጺታትን ኣለዎ። እዚ ዝጠቐስናዮ ገለ ኣብነታት ጥራይ እዩ ነይሩ።




AWO | EINFACH MEIN RECHT

እቲ ዘድልየኩም ነገራት ናብ ኣማኸርቲ ትካላት ብምኻድ ኣካፍልዎም እሞ ብዛዕባ ዘለው ኣማራጺታት ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ።

እቲ ዘድልየኩም ዓይነት ደገፍ ንኽትረኽቡን መሰል ተሳትፍነትኩም ንኽዕዝዝን ድማ ሓገዝ ክግበረልኩም እዩ።



www.einfachmeinrecht.awo.org

# መሰል ተሳታፍነተይ

## መብርሂ ብቐሊል መገዲ



www.einfachmeinrecht.awo.org

Aktion Deutschland Hilft
Bündnis deutscher Hilfsorganisationen

AWO | EINFACH MEIN RECHT

Ti

## መሰል ተሳታፍነት ነዓይ እንታይ ማለት እዩ፧

ብምሉኦም ኣብ ጀርመን ብሕጊ ክነብሩ ዝተፈቐደሎም ደቂ-ሰባት ኣብዚ ሃገር ንኽነብሩን ተሳታፍነቶም ክስተውይጽኡን መሰል ኣለዎም። ከም ንኣብነት ብውልቂ ምዕባለ ምርኣይ፡ ናይ ትምህርትን ባህላዊ ተሳትፎን መንዳይ ከምኡ ድማ መሰረታዊ ሓገዝ መነባብሮ እዮም።

## መዓስ እዩ ሓገዝ ንኽግበረለይ መሰል ዘለኒ፧

ነፍስ-ወከፍ ሰብ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓገዝ የድልዮ። መሰል ንሓገዛት ኣብ ብዙሕ ነገራት እዩ ዘድሊ።
መነባብሮኹም ባዕልኹም ክትሽፍንዎ ዓቕሚ እንተ ስኢንኩም፡ ማሕበራዊ ሓገዛት ክወሃበኩም መሰል ኣለኩም።

ጥኑሳት ኣንስቲ ኣብ እዋን ጥንሲ ኮነ ኣብ እዋን ሕርሲ ደገፍ ክግበረለን መሰል ኣለወን። ነቲ ሓዲሽ ህጻን እውን ቁጠባዊ ሓገዝ ክግበረሉ ይከኣል እዩ።



ሕማም እንተለኩም ሕክምና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ግቡእ ሕክምናዊ መርመራን ግቡእ ክንክንን ክግበረልኩም መሰል ኣለዎም።



ሽማግለታት እውን ነብሶም ክኣልዩ ዘይክእሉ እንተ ኮይኖም ኣለይቲ ክግበረሎም መሰል ኣለዎም።

ስድራቤታት ኣብ ውሽጦም ጸገማት እንተለዎም ወይ መዋጽኦ ይደልዩ ኣለው፡ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ስንክልና ዘለዎም ሰባት ናይ ንዋት ኮነ ቁጠባዊ ሓገዝ ክረኽቡን ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ኣለይቲ ክግበረሎምን መሰል ኣለዎም።





ህጻናት መዋእለ-ህጻናት ክኣትዉ መሰል ኣለዎም። ብዘይ ወለዶም ናብ ጀርመን እንተ መጺኦም ድማ ዝከናኸኖም ኣካል ክግበረሎም መሰል ኣለዎም።

ስድራቤታት ኣብ ውሽጦም ጸገማት እንተለዎም ወይ መዋጽኦ ይደልዩ ኣለው፡ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።




ወልፍታት ዘለዎም ወይ ዕዳ ዘለዎም ሰባት ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ። ተነጽሎን ግፍዕን ዝተመኮሩ ሰባት፡ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ። ሕጋዊ መንገድታት ክሽዱ እውን ይኽእሉ።